ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ን2016 በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝውዕል ፣ ዝተፈላለዩ ናይ ናይ መኪና ጎማን እስፔር ፓርትን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ ሲዕቦም ዘለው ሮቓሕታት እትማልኡ ክትወዳደሩ ይፅውዕ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 19, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 29, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 29, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ናይ ግልፂ ጨረታ መፀዋዕታ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ን2016 በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝውዕል ፣ ዝተፈላለዩ ናይ ናይ መኪና ጎማን እስፔር ፓርትን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ ሲዕቦም ዘለው ሮቓሕታት እትማልኡ ክትወዳደሩ ይፅውዕ።

1. በቲ ዘርፊ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎምን ናይ 2016 ዓ/ም ዘድሊ ናይ ዝተሓደሰሉ መረዳእታ ከቕርቡ ዝኽእሉን ክኾኑ ኣለዎም።

2. ተጫረቲ ናይ መቅረባይነት መለለይ ካርዲ ናይ ቫት ዊዝሆልድ መረዳእታ ናይ ፣ ቲን ናምበርን ናይ ወርሒ መጋቢት ወርሓዊ ድክለራሽየን ኣሐዲሶም ዝንበብን ግልፂ ዝኾነን ንሕድሕድ መረዳእታ ሓደ ሓደ ገፅ ከቕርቡ ኣለዎም።

3. ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ ብስፒኦ ወይድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ቸክ ወይድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ወይድማ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይግባእ መጠን መኽበሪ ጨረታ ኣብ ሰነድ ጨረታ ተገሊፁ ኣሎ።

4. ተጫረቲ መጨረቲ ሰነዶም ብ100 ብር ብምኽፋል ካብ 19/09/2016-28/09/2016 ዓ/ም ካብ ቤት ዕዮና ዕደጋ ክፍሊ ምውሳድ ይኽእሉ እዮም።

5. ተጫረቲ ኣብ ዘሸነፍዎ ንብረት ውዕሊ ናይ ምእሳር ግዴታ ኣለዎም።

6. ተጫረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ኣብዝተቐመጠ ዝርዝር ወይ ድማ በዝሒ ካብ ሕድ ሕድ ዓይነት ብ20% ምውሳኽ ወይ ምቕናስ ዝኽእል ምኻኑ ክፈልጡ ይግባእ።

7. ተጫረቲ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐለ ካብ ዝተጋወሐሉ መዓልቲ ዝቁፀር 19/09/2016-28/09/2016 - ዓ/ም 10 ማዕልቲ ምኻኑን ዝዕፀወሉ ድማ ዕለት 29/09/2016 ንግሆ ሰዓት 4፡00 ኾይኑ ጨረታ ዝኽፈተሉ ድማ ዕለት 29/09/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ኩሎም ተጫረቲ /ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ምኻኑን ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ መዓልቲ ድማ ካብ ጨረታ ዝተኽፈተሉ መዓልቲ ዝቑፀር 30 መዓልቲ ምኻኑ ክፈልጡ ይግባእ።

8. ተጫረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ሕቶ እንተሃሊዎም ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ብፅሑፍ ናብ ቤት ዕዮ ከቕርቡ ይግባእ።

9. ቤት ዕዮና ዝሐሸ መማረፂ መንገዲ እንተረኺቡ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡- በስልክ ቁጥር 0344-40-24 20/0344-41-12-01

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle